**መግለጺ ብዛዕባ ጋዜጠኛ ነበር ኣሮን ብርሃነ፡ ንኣበርክቶኡ ንምዝካር ብሽሙ ዝወሃብ ናይ ማህደረ ትምህርቲን (Scholarship)፡ ንወጻእተኛታት ስደተኛታት ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲ (ESL Program) ደረጅኦም ንምምዕባል ዝወሃብ ዕድልን**

ኮለጅ ጆርጅ ብራውን (George Brown) (ኣብ ቶሮንቶ/ካናዳ ዝርከብ ኮሌጅ)፡ ንናይ ተዓዋቲ ሽልማት ጋዜጠኝነት፡ ተጣባቒ መሰል ብነጻ ሓሳብካ ምግላጽ፡ ከምኡውን መምህር ኣብ ኮለጅ ጆርጅ ብራውን ነብስሄር ኣሮን ብርሃነ ንምዝካር ክልተ ተበግሶታት መግለጺ ከነውጽእ ከለና ሓበን ይስመዓና።

ኣሮን ኣብ ወርሒ ጉንቦት ናይዚ ዓመት'ዚ (2021) ኣብ መበል 51 ዓመቱ ብሞት ምፍላዩ ዘሕዝን እዩ። ኣሮን ሓደ ካብቶም መስረቲ ናይ ብሕቲ ነጻ ጋዜጣ ኣብ ኤርትራ፥ ጋዜጣ ሰቲት'ካ እንተነበረ፡ ብሰንኪ መንግስቲ ኤርትራ ዝወሰዶ ስጉምቲ ምዕጻው ነጻ ፕረስን ምእሳር ጋዜጠኛታትን፡ ካብ ማእሰርቲ ንምምላጥ፡ ሃገሩ ክሓድግ ተገዲዱ፡ ኣብ 2001 ድማ ኣብ ካናዳ ኣትዩ። ብዓልቲ ቤቱን ሰለስተ ደቁን ድሕሪ ናይ ነዊሕ ዓመታት ምፍልላይ ኣብ 2010 ናብ ካናዳ ኣትዮም። ኣብ ሞንጎ'ዚ፡ ናይ ካልኣይ ዲግሪ (Masters) መዓርግ ካብ Ryerson University ረኺቡ። ኣሮን ኣብ ከተማ ቶሮንቶ/ካናዳ ብቋንቋታት ትግሪኛን እንግሊዝን፡ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ኣተኩሮ ዝገበሩ ዓምድታት ዝሓዘት ጋዜጣ የሕትም ነይሩ። ከምኡውን ምስ PEN CANADA ዝበሃል ኣብ መላእ ዓለም ናይ ዝርከቡ ጸሓፍቲ ንዝወርዶም በደል፡ ማእሰርትን ስደትን ዝጣበቕ ትካል ከም ናይ ወለንታ ሰራሕተኛ (Volunteer) ኮይኑ ኣገልጊሉ። ኣብ 2004፡ ኣሮን ኣብ ኮለጅ George Brown ከም ጸሓፊ ናይ ፔን ካናዳ ኮይኑ ኣገልጊሉ፡ እዚ ድማ ኣብቲ ኮለጅ መምህር ኮይኑ ክሰርሐ ዕድል ከፊትሉ። ኣብ 2019 ድማ፡ ካብ ሃምበር ኮለጅ PEN Writer-in-Residence fellowship ዝብሃል ፕሮግራም ተሳታፊ ክኸውን ዕድል ረኺቡ፡ ብዛዕባ ተዘክሮታቱ ከመይ ኢሉ ካብ ሃገሩ ከምልጥ ከምዝኸኣለ ዝገልጽ ዝርዝር ጽሑፍ ኣቕሪቡ። ቀጺሉ ድማ ኣቦ ወንበር ናይ ስደተኛታት ጸሓፍቲ ኣብ ፔን ካናዳ ማለት Writers-in-Exile program at PEN Canada ኮይኑ። ኣሮን ኣብ ኩሉ'ዚ ዝተጠቕሰ ንጥፈታቱ፡ ኣብ ውልቃዊ ዓወታቱ ከየድሃበ፡ መብጽዕኡ ኣብ ዝተበደሉን ዝተኣስሩን ጋዜጠኛታት ብምግባር ብትግሃት ኣገልጊሉ።

ብድሕሪ ሃንደበታዊ ምት ኣሮን፡ ስድራቤቱ፡ ኣዕሩኽቱን መሳርሕቱን፡ ከመይ ጌሮም ሓቢሮም ኣበርክቶኡን ኽብሩን ክዝክረሉ ዝኽእል ተበግሶ ክምስረት ከምዝኽል ክመያየጡ ጀሚሮም። ከም ውጺኡቱ ድማ፡ ኣብ George Brown ኮሌጅ፡ ንትምህርቲ ዝኸውን ናይ ገንዘብ ጸገም ንዘለዎም ተመሃሮ፡ ትምህርቶም ንምዝዛም ብሽም ኣሮን ገንዘባዊ ሓገዝ ንምግባር ናይ ስኮላርሺፕ/Scholarship መደብ ተመስሪቱ። ነዚ ንምትግባር ካብ ስድራቤት፡ የዕሩኽ፡ ፈተውትን መሳርሕትን ኣሮን ልዕሊ $10,000 ዶላር ካናዳ ተዋጺኡ። ብተመሳሳሊ ማዕረ ናይቲ ተዋጽኤ $10,000 ዶላር ካናዳ ብቪንሰን ቶምሰን/Vincent Thomson ዝበሃል ንነዊሕ ግዜ ኣብ ተመሳሳሊ ናይ ግብረሰናይ ሓጋዛት ከምዝነጥፍ ዝፍለጥ ተዋጺኡ፡ ብድምር ተመሃሮ ንምሕጋዝ ልዕሊ $20,000 ናይ ካናዳ ዶላር ክሳብ ሕጂ ተኣኪቡ ኣሎ። "ኣሮን ብሕይወት እንከሎ ዝሰርሖም ስራሓት ንብዙሓት ዘነቓቕሕ እዩ። ንናይ መጻኢ ወለዶ መራሕቲ ዝኾኑ ተመሃሮ ብሽም ኣሮን ምሕጋዝ፡ ኣሮን ኣብ ሓሳብካ ብነጻ ናይ ምግላጽ መሰል ንዝነበሮ ተወፋይነትን ኣበርክቶን ክብሪ ዝህብ እዩ" ብምባል ቶምሶን ነዚ ተበግሶ ይገልጾ።

ሽልማት ኣሮን፡ ንተመሃሮ ናይ George Brown ኮሌጅ ኣብ ሓጋይ 2020 ሰሚስተር ንዝተመዝገቡ ተመሃሮ ብምሕጋዝ ክጅምር እዩ። እዚ ሽልማት እዚ፡ ካብ ቤተሰቦም ናይ መጀመርታ ናይ ላዕለዋይ ትምርቲ ዕድል ዝረኸቡ ተመሃሮ/ first-generation post-secondary students፡ ከምኡ'ውን ንስደተኛታት ተመሃሮን ቀዳምነታት ብምሃብ ዝወሃብ ክኸውን እዩ። ልክዕ ከምቲ ኣሮን ዝነበሮ ድማ፡ ኣብ ሕብረተሰቦም ንጡፋት ንዝኾኑ ተመሃሮ ንምሕጋዝ ትጽቢት ይግበር።

"ኣቦና ድምጺ ናይቶም ድምጾ ዝተዓበሱ ሰባት  ካብ ምኳን ሐንቲ መዓልቲ እኳ ተቋጢቡ ኣይፈልጥን ነይሩ። ስለዚ ውሩሽኡ ድማ ፡ ድምጽን ስራሕን ናይቶም ሐገዝ ዝደልዩ ኣባላት ማሕበረተሰብና ክብ ክብል ኢና ንድልዮ " ትብል ጋሉ ፍረወይኒ ኣሮን ብርሃነ።

ዶክቶር ሲንዲ ጉቪያ ነቲ ናይ ማህደረ ትምህርቲ ገንዘባዊ ሐገዝ (scholarship) ኣመልኪታ ኣብ ዝሃበቶ ሪኢቶ፡ "ምስ ስድራቤትን ኤዕሩኹቲ ኣሮን ከምኡ ድማ ምስ ኣቶ ቪንሰንት ቶማስ ኮይና ነዚ ንኣሮን ብርሃነ መዘከሪ ተባሂሉ ዝተመስረተ ገንዘባዊ ሐገዝ ንኽፍጠር ብምስራሕና ሕቡናት ኢና። በዚ ናይ ማህደረ ትማህርቲ ገንዘባዊ ሐገዝ ድማ ተመሃሮ ጆርጅ ብራውን ሐገዝ ክረኽቡን ሕልሞም ክሰምሮሎምን እዩ።

ከም ካልእይ መዘከርታ ድማ ፡ ኮሌጅ ጆርጅ ብራውን ብሽም ኣሮን ብርሃነ ብዘይክፍሊት ዝውሃብ ናይ ቋንቋ እንግሊዝ ትምህርቲ ( ESL program) ብምምዳብ ንተሰዲዶም ዘለዉን ኣባላት ፔን ካናዳ ዝኾኑ ጸሐፍቲን ክህብ እዩ። ተሰዲዶም ዘሎው ጸሐፍቲ ካብቲ ብመንግስቲ ካናዳ ዝምወል ትምህርቲ ብዝለዓ ደረጃ ዝሰፍሔ ትምህርቲ ክረኽቡ እዮም ። ዕላማ እዚ ብኣሮን ብርሃነ ትምህርታዊ መደብ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ሐድሽ ትምህርቲ (Aaron Berhane Educational Pilot Project) ፡ ብሰንኪ ሕጽርት ቋንቋ ዝመጹ ዕንቅፋታት ንምእላይን፡ ኣብ ካናዳ ሞያዊ ስራሕ ንምርካብን መንገዲ ምጥጧሕን እዩ። ተሳተፍቲ ካብታ ዘለውዋ ደረጃ ጀሚሮም ክሳብ ሻምናይ ደረጃ ክበጽሑን፡ ሰርቲፊኬት ክወስዱን የኽእሎም ።

ነዚ ብስም ኣሮን ብርሃነ ዝጽዋዕ ዘሎ ትማህርታዊ ገንዘባዊ ሐገዝ፡ ከተወፍዩ እንተደሊኹም ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ጠውቁ https://www.georgebrown.ca/donate/aaron-berhane-memorial-scholarship

ከምቲ ዘወፈኽሞ መጠን ክአ ቅብሊት ቀረጽ Tax receipts ክውሃበኩ እዩ። እቲ ዝሀብክሞ ገንዘብ ሚኢቲ ካብ ሚኢቲ / 100% ን ብቀጥታ ነቲ ናይ ማህደረ ትማህርታዊ ገንዘባዊ ሐገዝ ኣብ ምድንፋዕ ክውዕል እዩ። ንተወሳኪ ሐበሬታ ንጋብሬኤላ ጉታም/ Gabriella Goutam ሰራሕተኛ ክፍል መደብ ዕብየተ ጆርጅ ብራውን ፉውንዶሽ ( The George Brown College Foundation) ተወከሰዋ። ስልካ (416) 415-5000 ext. 3289፡ ወይ ብእሜል Gabriella.Goutam@georgebrown.ca ጸሐፉላ።

የቐንየልና!

ኮለጅ ጆርጅ ብራውን

ስድራቤት ኣሮን ብርሃነ፡ ምስ ጉዱሳት የዕሩኽን መሳርሕቲ ኣሮን ብርሃነ ዝነበሩን